

# ሓዝ ሓዝ ኒው ዮርክ

*(Occupy  New York)*

ኣመሪካውያን እንታይ ኢሎም ኣብ ኒው ዮርክ ጎደና ?
ርእሰ ማልነት ኣጥፊኡና
ዋል ስትሪት ለኪሙና
ተመዛቢሉ ናብራና
ጋግ ገፊሑ ኣብ መንጎና
ስርቂ በዚሑ ገዛውትና
ጻዕዳ ይኹን ጸሊም ተስፋ ስኢ'ና
ሓጋዚ ሰማዒ ተሓሪምና
ዝብላዕ ተሳኢኑ ጠሚና
40 ሚእታዊት ድኻ ኴ'ና
ትምህርቲ ፈውሲ ኮይና

ሰብ "ዲሞክራሲ" ኸ እንታይ ኢሎም፡ እንዳ ዜና ?
ናጻ ፕሬስ፡ ሰብ ሊቕና
ቢቢሲ፡ ሲ ኤን ኤን፡ ኤቢሲና
ልኩት፡ ዕብስ፡ ሕብዕ፡ "ከይገደ'ና"
ካልኦት ከይስዕባና
ከይትልሕም ኣብ ካልእና
ሕማም ግብጺ፡ ቱኒስያ ከይለግበና
እሰሮ ቀፍድዶ ብጠቀና
ሸውዓተ ሚእቲ ኣመሪካዊ ማሕቡስ ስሒና !

ተኣዘብቲ ከ እንታይ ኢሎም ጎኒ ጎና ?
ቀዳመይቲ ዓለም ተበርጃና
ተኣማንነት ስኢና
ውሕስነት ናብራ፡ ስራሕ ተሓሪምና
ዘመነ "ለውጢ" ዘመነ ኦባማ
ለውጢ ኣይረኣናን እንትርፊ ቁዝማ
ጸሊም ኣብ ገዛ ጻእዳ ምድርጋማ
ሸቐጥ "ግብረ ሸበራ" ለኻኺማ
ሰረቕቲ ኮርፖሬሽን በዚሖማ
"ሕልሚ ኣመሪካዊ" ሓመድ ቍሒማ !

ኤርትራዊ ከ እንታይ ኢሉ ኣብ ዓድና ?
ኣብ ወጻኢ ዘሎ ሰብና
“ሓዝ ሓዝ ኒው ዮርክ” ምስ በልና
ብገሳ ካብ ዋሽንግቶን ምስ ጀመርና
መጥቃዕቲ ማንሃተን ምሰውረድና
ሴሚናር ምስ ክቡር ፕረዚደንት ምስ ገበርና ?

ኣጆኻ ኢሰያስ ኣቦና
“ትሕቲ ክርስቶስ” መራሒና
40 ዓመት ምእንታና
ኣብ ዝኸድና ኬድና ኣለና
ምሳኻ ምስ ህዝብና
ሕድሪ ስውኣትና ከይጠለምና !

ብዛዕባ ምዕብልና ሃገርና
ትሕተ ቅርጺ ዕደና
ንቕድሚት ሰጕምና
“ማርሻ ቀይርና”
ኣብ ሃገረ ሰላም ኤርትራና
ክርስትያን'ና እስላምና
ትምህርቲ ኮለጅ ናጻ ኮይና
ፍቕዶ ገጠራት ሕክምና
ካብ ትካቦ ናጻ ኳ'ና
ኤርትራ ንኩሉ ሓንቲ ኮይና
“ደጊም ሞት ከም ኣዳም” ኢልና !

እንታይ ከ ኢሎም ሃገራት ዞባና ?
መራሕቲ ክድምና
ሰብ ጽግዕተኛ ልመና
ሰብ “ናጻ ፕሬስ” ጥቀና
“ዘይመንግስታውያን” ማሕበራት ሰብ “ማና”
“ተቓወምቲ” በሃልቲ ሰብ ብዕልግና ?

ዝሓለምዎ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ኣስመራና
ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣብ ጎደና
ኮር ተገልበጥ ኒው ዮርክ ኮይና
ጎደና ኒው ዮርክ ኣውለብሊባ ባንዴራና
ስእሊ ወዲ ኣፎም ተሸፊና
ኒው ዮርክ ብእግሩ መራሒና
ቅድሚ ባይቶ ኲናት፡ ቅድሚ ሱዚኒና
ከምዚሲ ነይረኣና !
ኣብ ታሪኽ ዓለምና !

“ሓዝ ሓዝ ኒው ዮርክ” ልሒማ ኤውሮጳና
መጥቃዕቲ ወሪዱ ኤክስፕሬሰን፡ እንዳ ዜና
ከምዘይትደግም ኮይና
ኣርኢናዮም ሓድነትና
ዓለም ለኺ ውዒልና
መድሕን ሃገር ክብ ኣቢልና
ኮሪዕና ብኤርትራዊነትና

ኣይኮነን ዶ ኣብ ዓድና፡ ኣብ መሬትና
ኣመሪካውን ትዀን ኣብዘሎና’ሊና
እታ ህያብ ስውኣትና
ኣባ ኻሮጎ ዝሃበና
ዘይትስበር ቀጣን በትርና
ምስጢር ዓወትና
ሓድነትና
ህዝቢን መንግስቲን ሓደ ኴ’ና
“ብድሆ፡ ንዝመጸ ወራር ቅልጽመይ እነሆ” ደጊምና
ተመስገን ኢልና፡ ቀሲ’ና
ሕድሪ ስውኣትና ኣጽኒዕና
ኣብ ውሽጢን ወጻኢን...
ህያው ኮይና ኤርትራና !

ዘልኣለማዊ ዝኽሪን ክብሪን ንስውኣትና !
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

ኣማኑኤል ተስፋ ማርያም
“ሓዝ ሓዝ ኒው ዮርክ”፡ ሕ.መ.ኣ.